# ሰንበት ዘቅድስት 2016 ዓ.ም.

## 8 መጋቢት 2016 ዓ.ም. (3/17/2024)

### ብግልና ንእምላኽ ንርከቦ።

መዝሙር፡ ግነዩ ለእግዚአብሔር... ንእግዚአብሔር አገልግልዎ ስሙ ጸውዑ ተግባራቱ ነሕዛብ ንገርዎም ንስሙ ክብሪ ሃቡ፥ ንጽድቂ ተገዝኡ መዝገብኩም ነቚዝ አብ ዘየንቅዞ ሠራቒ አብ ዘይረኽቦ አብ ሰማይ ዕቆርዎ፥ስንድዋት ኩኑ አብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ንበሩ ናይ ላዕሊ ሕሰቡ አብኡ መዝገብ ተዓቑሩልና አሎሞ ንብጻይና ነፍቅር ርእስና ነትሕት ሰንበቱ ነኽብር።

ንባባት፡ 2ቆሮ 5፡20 - ፍ፥ 1ጴጥ 1፡13-ፍ፥ ግ.ሓ. 1፡17-30፥ ማቴ 6፡ 16-25

ስብከት፡ እግዚአብሔርሰ ሰማያት ገብረ፥ አሚን ወሰናይት ቅድሜሁ። ቅድሳት ወዕበየ ስብሓት ውስተ መቅደሱ እግዚአብሔር ግና ሰማያት ገብረ፥ ግርማን ክብርን ይኸቦ፥ መቕደሱ ኸአ ብኃይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ መዝ። 96፡5።

ንእምላኽ ክነገልግሎ ክንምስክሮ አብ ግላዊ ሕይወትና፥ አብ ጉዕዞ ሕይወትና ሰናይ ተግባር ክንገብር ዘጋጊ ከይዕወተልና ኩሉ ጊዜ ጥንቒቓት ክንከውን፥ ንክርስቶስ አሰር አሰሩ ክንጉዓዝ ፍቕሪ አሕዋት መለለይና ገርና ክንጉዓዝ የዘኻኽረና።

አነ ከም አነ ብግለይ ንእምላኽ ክረኽቦ ይግብአኒ።

ንእምላኽ ብግልና ክንረኽቦ ክነዕልሎ፥ ጸገምና ክነካፍሎ፥ ክንልምኖ፥ ብግልና እንደልዮ ክንሓቶ፥ ከምኡ ንሱ ካባና ዝደልዮ ክንሰምዖ ብሓጺሩ ምስኡ ግላዊ ዕላልና ክንገብር እዋኑ እዩ። ሕይወትና ንእምላኽ ክሳብ ዘይረኽበት ዕረፍቲ የብላን። ንእምላኽ ዝረኸበት ሕይወት ናይ ኩሉ ተኽእሎ አለዋ ምኽንያቱ አምላኽ ናይ ኩሉ መልሲ እዩ። ምስ አምላኽ ዝራኸብ ግድን ውሽጣውን ግዳማውን ለውጢ የምጽእ። ሙሴ አብ ደብረሲና ነርብዓ መዓልቲ ምስ አምላኽ ገጸ ንገጽ ከም ዝተራኸበ አብ ዘጽአት 19፥ ዘዳግም 9፥ ከምኡ አብ ዘኊልቅ 12፡8 ይነግረና። አብ ደብረሲና ምስ አምላኽ ምስ ተራኸበ ካብ ግንባሩ ጨራ ክወጽእ ጀሚሩ ተቐይሩ ይብለና ምስ አምላኽ ክንራኸብ ከሎና ምሉኣት ንኸውን መንፈስና ይሕደስ፥ ፍሉይ ፍቕሩ ይሓድረና። ሰብ ዝርበሽ ዘይቀስን አምላኽ ምስኡ ምስ ዘይህሉ ጥራሕ እዩ። አምላኽ ዘይብሉ ሕይወት ርቡሽ እዩ። ስለዚ አምላኽ ክንረኽቦ አብዚ ጊዜ ጾም ግድን እዩ።

ጎ.ኢ.ክ. አብዚ ዓለም ሥጋና ለቢሱ ካብ ማርያም ምስ ተወልደ ንኹልና ናይ ደቂ አምላኽ ምኧን ጸጋ ሂቡና ዮሓ 1፡12 ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዝአመኑ ኹሎም ግና ውሉድ አምላኽ ክኾኑ ሥልጣን ሃቦም ይብለና።ትስብእቲ ክርስቶስ ብግልና ንእምላኽ ክንረክብ አፍደገ ከፊቱልና፥ ንኢየሱስ ብብዙሕ መንገድን ብግልናን ክንረኽቦ ንኽእል፥ አብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን ቀሪብና ሥጋኡን ደሙን ብንጹሕ ሕልና ክንቅበል ከሎና፥ ቃል አምላኽ ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ክንሰምዕ ከሎና፥ ብቤተክርስትያን ዝውሃብና ትምህርትን መምርሕን ኩሉ ብእምነት ክንቅበል ከሎና። ኢየሱስ እቲ ሓቀኛ መራኸቢና ንረኽቦ። እንድርያስ ንሓዉ ስምዖን ጴጥሮስ ንመሲሕ ረኺብናዮ ኢሉ ምስ ኢየሱስ አራኺብዎ (ዮሓ 1፡ 41)፥ ካብኡ ንድሓር ረድኢ ክርስቶስ ኮይኑ። ንኢየሱስ

ረኺቡ ዝኽአለ ቀጺሉ ዝገብራ ንኻልኦት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝቐርቡ ምግባር እዩ፥እታ ሳምራዊት ኢየሱስ ንኢየሱስ ምስ ኣለለየት ኣብ ኢየሱስ ኣቕሪባቶም (ዮሓ 4፡1-42)።

ኣብ እዋን ጾም ሕትውና፥ ጽሞና፥ ኣስተንትኖ፥ ምስትውዓል ይሓትት ምኽንያቱ ምስ ኣምላኽና ርክብ ክንገብር ዝሕግዘና ስለ ዝኾነ። ወንጌል ማቴዎስ ንሎሚ ዝተነበ ንስኻ ግና ክትጸውም ከሎኻ ከም ዝጸምካ ነቲ ብሥዉር ዘሎ ኣቦኻ ደአ እምበር ንሰብ ምእንቲ ኽይትርኢ ርእስኻ ቕባእ ገጽካውን ተሓጸብ እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ፥ እናበለ ግላዊ ርክብ ምስ ኣምላኽ ፍሉይ መለለዪ ጾም ኣርብዓ ምዃኑ ንርዳእ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ብግልና ኣድኂኑና በዚ ኸአ ምስኡ ናይ ብሕትና ርክብ ክንገብር ይደልየና። ሰብ ብግሉ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ፍጡር እዩ ከመይ ኣምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍና ፍሉይ ርክብ ኣልኦ።

ካብ ኣምላኽ ዝፈሊ ጋግ ክንፈጥር ከሎና ሽዑ ኩሉ ይሕርብተና ይሽግረና ትርጉም ንስእነሉ። ኣምላኽ ዘይብሉ ሕልና ወይ ሕይወት ኩሉ ጊዜ ኣብ ክፍኡ ዝዘንበለ እዩ ጽቡቕ ክገብር የሸግሮ ምኽንያቱ ኣብኡ ኣምላኽ የለን። በዚ መንፈስ ዝጉዓዝ ሕይወት ካብ ጸልማት ናብ ጸልማት ይጉዓዝ። ኣብ ኣምላኽ እንተ ዘይተመልሰ ትርጉም ሕይወት ጠፊእዎ ኩሉ ጊዜ ዘይቅሱን ሕይወት ሒዙ ንርእሱ ተረቢሹ ንኻልኦት ክርብሽይ ይነብር። ካብዚ ከምዚ ዝበለ ውድቀት ወይ ዝኾነ ድኽመት ዘሎና ክንቅይር ግላዊ ርክብ ምስ ኣምላኽ ክነሓድሶ ሎሚ ምቹእ እዋን እዩ።

ንኣምላኽ ብግሊ ክንረኽቦ ዝሕግዝ መንፈሳዊ ነገራት፡

- ሰናይ ግብሪ፡ ማቴዎስ ወንጌላዊ ኩሉ ተግባርና ስዉር ሰብ ዘይርእዮ ኣምላኽ ጥራሕ ዝርእዮ ክኸውን ከምዝግባእ ይነግረና። የማናይካ ዝገብሮ ጸጋማይካ ኣይፍለጦ፥ ሰናይ ግብርኻ ንስኻን ኣምላኽን ጥራሕ ፍለጥዎ ማለት እዩ፥ ክትርአ ኢልካ ኣይትግበር። ብሰናይ ምኽርናን ግብርናን ኣብ መገዲ ጸጋም ንዝርከብ ኣብ የማን ክንመልሶ ሎሚ እዋኑ እዩ። ኣብ ኃጢኣት ንዝነብር ደፊርና ክንእርሞ እዋኑ እዩ። ንሓውናን ሓፍትና ብኹሉ ጽቡቕ ግብርና ኣብ ኣምላኽ ክንመልሶም ኩልና ጽዉዓት ኢና።

- ጸሎት፡- ሓደ ካብቲ ንኣምላኽ ክንረክብ ክንፈልጥ ዝሕግዘና ቀንዲ መጋበሪ ድሕነት እዩ። ዝጽሊ ንኣምላኽ ይፈልጥ። ክትጽልዩ ከሎኹም ዘረባ ኣይተብዝሑ ይብልና። ክትጽሊ ከሎኻ ናብ ቤትካ እቶ ማዕጾኻ ዓጺኻ ናብቲ ብስዉር ዘሎ ኣቦኻ ጸሊ እቲ ብሥዉር ዚርኢ ኣቦኻ ብግሉጽ ኪፈድየካ እዩ (ማቴ 6፡ 6) ይብለና። ጸሎት ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን እሞ ብምሉእ ትሕትናን ጽምዋን ክኸውን ይግባእ። ኣብ ጽምዋ እዋን ምስ ኣምላኽ ክንራኸብ ከሎና ብዙሕ ሓገዝ ኣለዎ። ሓዋርያት ብሂጎም ንመምህሮም ዝሓተትዎ ጸሎት ክምህሮም እዩ። ክትጽልዩ ከሎኹም ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር እናበልኩም ጸልዩ እናበለ ምሂርዎም። ኣብ መንጎ ወላድን ውሉድን ዘሎ ርክብ ልዕሊ ኹሉ ርክባት እዩ። ብዓቢኡ ንኣምላኽ ኣቦ ክንብሎ ምሂሩና። ነቦና ድላይና ክንሓቶ ኣይንስከፍን ኢና ስለዚ ንሰማያዊ ኣቦና ሎሚ ክንልምኖ ድላይና ሃበና ክንብሎ እዋኑ እዩ።

- ተጋድሎ፡ ቅዱስ ጳውሎስ ንፉዓት ተዋጋእቲ ኩኑ ይብለና። ውግእና ምስ ስልጣናትን ሓይሊ ከይስን እዩ እናበለ ኣብ ኩሉ ሕይወትና ንፈተና ከምኡ ባዕልና ካብ እነልዕሎ ናብ ኃጢኣት ዝመርሕ ኩሉ ክንርሕቕ ክንጋደል ከም ዝግባእ ይነግረና። ክርስቶስ ባዕሉ ኩሉ ጊዜ ስንድዋት ኮንኩም ንበሩ ይብለና። ዝጋደል ምረት መከራ ይፈልጥ እዩ። ጸኒዑ ክጋደል እንከሎ ጥራሕ እዩ ዝዕወት ስለዚ ተጋዳላይ ኣብ ጸልማት ብርሃን ርእዩ ዝኽእል እዩ። እዚ ፖሎቲካዊ ገድሊ ዘይኮነ ሰማይዊ ገድሊ እዩ። ኩሉ ጊዜ

ከይዘንጋዕና ንመንገዲ ኣምላኽ ሒዝና ክንጉዓዝ ሽዑ ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ክንሕወስ ኢና። ኣብ ጉዕዞ ገድሊ ኢና ዘሎና ክሳብ ዕለተ ሞትና ሓለዋ ዘድልዮ ጉዕዞ ሕይወት።

ኣብዚ ጊዜ ጾም ኣርብዓ ነፍስወከፍና ተሓዲስና ክንርከብ ምእንቲ ፍሉይ ምስትውዓል የድልየና። ሱባኤ ንእቱ ኣሎና ነርብዓ መዓልቲ ካብ ኩሉ ክፍእ፥ ኃጢኣት ክነርሕቕ ምእንቲ። ነናትና መደብ ክህልወና እምብኣር ግቡእ እዩ። ዓይንና ከፊትና መገዲ ጸጋም ኣለሊና ነታ ቀጣን መገዲ ኣምላኽ ክንክተል። ነዚ ዝገብር ሰብ ካብ ኣምላኽ ርሑቕ ኣይኮነን። ኣምላኽ ፍጡራት ርሒቕናዮ ኩሉ መገዲ ጸጋም መሪጹ ዓለምና ትሕመስ ኣላ። ካብ ጽቡቕ ዝገብር ክፉእ ዝገብር ንጥፍኣት ሓዉ ሆ እናበለ ዝጭድር በዚሑ፥ ዘሎናዮ እዋን መሓረና ዘብል እዩ። ኣነን ንስኹምን ነዛ እንነብረላ ዓለም ቀየርታ ክንከውን ንኽእል ኢና፥ ብፍላይ ኣብዛ ንእሽቶይ ቤትና ቁምስናና ንኣምላኽ ክንዕድሞ ምሳና ክነውዕሎ። ቀዳሞት ኣርድእቲ ኢየሱስ ምስኡ ምስወዓሉ ተቐይሮም ኣሚኖም ከይወዓሉ ከይሓደሩ ንስብከት ወፊሮም እሞ ሎሚ ክንወፍር ክንሰብኽ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ኣብ ገዛና ኣብ ሓዳርና ኣብ ኩሉ ንርከቦ እሞ ንስማዓዮ።

ዓይንና፥ እዝንና፥ እግርና ኩሉ ዘሎና ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ነውዕሎ። ደጊም ኣብ ሰብ ምግልጋል ወፊሩ ዝነበረ ኣእጋር፥ ናይ ሰይጣን መንፈስ ወሪስዎ ዝነበረ ሕልና ሎሚ ታቦት መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ ዕላል ምስ ኢየሱስ ይጀምር። ሽዑ ከም ቅዱስ ጴጥሮስ ምሳኻ ኣብዚ ምንባር ይሕሸና ዝብል መዝሙር ክንጅምር ኢና።

እምብኣር ነዚ እንጅምሮ ዘሎና ጉዕዞ ጾም ምስታ ኣደና ዝኾነት ማርያም ንጀምሮ ንሳ ምስጢር ወዳ ዝተረድኤት እያ፥ ንወዳ ክንረኽቦ ንሱ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና ንሱ ዝብሎ ኸአ ጸሎት መምርሒኹም ገርኩም ስዓቡኒ ይብለና። ስለዚ ነደና መግዲ ወድኺ ሓብርና ንበላ።

ሕድገት ኃጢኣት ኣውሂቡ ጸጋ ቅድስና እንለብሰሉ ሓይሊ ይሃበና።

በረኸት ዝበዝሖ ጾም ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ